ቢሮ ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንድስትሪን ክልል ትግራይ ፀሕፈት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጉንበት 2, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 16, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 16, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2011 ዓ/ም በቲ ዘርፊ ዝተሓደስ ንግዲ ፍቃድ ክተቅረቡ እትክእሉ፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ Tin : VAT ሰርቲፊኬት ክተቅርቡ እትክእሉ::

3 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርትፈኬት ክተቕርቡ እትክእሉ::

4 ናይ ወርሒ መጋቢት ዲክለር ዝገበርክምሉ መረዳእታ እተቅረቡ::

5 መወዳደሪ ደኩመንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካል ማህተም ፌርማ ንክህልዎ ይግባእ::

6 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ቢሮ ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንድስትሪን ክልል ትግራይ ዳይሬክተራት ከይዲ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣብ ኮምፕሌክስ ህንፃ 1ይ ደብሪ ቁፅሪ 59 ዘይምለስ 50.00 /ሓምሳ ብር /ብምግዛእ ካብ 01/09/2011 ዓ/ም ክሳብ 16/09/2011ዓ/ም ሰዓት 4:00 ዋጋ መሊእኩም ኦርጅናልን ኮፒን መረዳእታኩም ነንበይኖም ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ኣታዊ ምግባር ትክእሉ::

7 ተጫረቲ ከትሕዘዎ ዝግባእ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 3000.00 ሰለስተ ሽሕ ብር ብCPO ከትሕዙ እትክእሉ::

8 እቲ ጨረታ ዕለት 16/09/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4:00 ተዓፂዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቢሮ ልምዓት ከተማ ንግድን ኢንድስትሪን ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣብ ናይ ሓባር ህንፃ 1ይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 59 ይክፈት::

9 ጨረታ ሰዓርቲ ምኻኖም ካብ ዝተገለፀሎም ዕለት ጀሚሩ መኽበሪ ዉዕሊ ብምሓዝ ኣብ ዉሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ክትኣስሩ እትክእሉ፤

10 አሸናፊ ዉዕሊ ካብ ዝኣሰርኩምዎ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕልኩም መጎዓዝያ ናብ ቢሮና ክተቅረቡ እትክእሉ

11 ሰነድ ጨረታ ብኽፋል ወይ ብምሉእ ቆሪፁ ዘትረፈ ካብ ውድድር ወፃኢ ይኸውን።

12 ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝትሐለወ እዩ::
ንተወሳኪ ሐበሬታ ብስልኪ ቑፅሪ 0344-400129/0344-408973 ደዊልኩም ክትረክቡና ትኽእሉ ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle